

# ሰጊድ ሰላም ኮነ

ንዓመጽ ጉዕጻጻ ዘይ ፍትሓዊ ልማዳ
ትማሊ ኣብ ጠረጴዛ ከቢባ ንጸለመ እገዳ
መጋርያ ኣሳዊራ ረመጽ ኣንበድቢዳ
ፍትሒ ረጊጻ ጸረ ቻርተራ ዘይትምእዘዝ ብቐይዳ
ሕጂ እንደ ሞ ኣርዓምናያ ኣብ እግርና ሰጊዳ
ዝኸነየቶ ጊግጊዳ ምስ ሃመመ እቲ ወስላቲ መልሓሱ ምስ ተጨረመ
ዕርበት ምስ ኣርከቦ ንቑልመጻ ዝኸደመ
ምዕሳል ጀሚራ ናብታ ደሴት ሰላም ኤረና ቄናን ዓለመ
ሳላ ዓቐሊ ጹረት ትዕግስቲ ኅብየ
ጽማመ ጸዋር ህዝቢ ጽንዓቱ ዘይነከየ
ሳላ ብረሃጹ እምበር ትካቦ ዘይተጸበየ
ንርኢ ኣለና ሕጂ ዳም ዳም ውዕል ውፍሪ ክጉየ
ከመይ ደቀይ ስግንጢር ዘበኑ
ከሳሶን ፈራዶን ቀጻያን ኮይኖም ከምዘይ በየኑ
ወዮ ከዳሚ ምስ ወጸ ዕርቃኑ
ለኣኽትን ተላኣኽን ከብድን ሕቖን ምስኮኑ
ዘብዘብ ኮይኑ ሕጂ ጉልባብ ምስተቐልዐ
ዕምሪ ማለሊት ሰዓቱ ምስ ኣብቀዐ
ነድሪ ድሁጽ ህዝቢ ቁልዑ ምስ ተባረዐ
ገጾም ቀይሮም ናብ ቲ ኣብ መስመር ትማሊኡ ዝጸነዐ
ሓራ መስመሩ ኣሚኑ
ቅየሳ መንገዱ ኣማእዚኑ
ብ ርእሰ -ምርኮሳ ምጽወታ ጸይኑ
እንሆ ሕጂ እቲ ዓቃል መሊኡሉ ትወኑ

ለካ እቲ ኣብ ዓቕሊ ዘዝገበ

ዋኒኑ ዝዕልጀ ኣብ ትማሊ ኮይኑ ንሎሚ ዘንበበ

ዝተኾለፎ ግዜ ክመልስ ዕጽፊ ዝጎይይ

ለካ ዓይኒ ንስሪ እዩ ካብ ሳትላይቶም ንላዕሊ ዝርኢ

ብጽፍረይ ክብል ንሶም ጉጤት ክስሕሉ

ንረብሓ ህዝበይ ክብል ንሶም ንረብሖኦም ክብሉ

ለካ ሚዛን ከምዝቕይር ብጽንዓቱ ዓይሩ

ሰጊድ ሰላም ኣቢልዎም ገጾም ክሳብ ዝቕይሩ

ቃና ትማሊኦም ጠቕነ ኣልሚሱ

ብግዜ ምሂርዎም ምሒር ተዓጊሱ

ዘብዘብ ኮነ ሕጂ መዋጽኦ ምስ ተዓጽወ

እቲ ኣብ ሑጻ ዝተሰረተ ጊድጊዳ ብንፋስ ምስ ተነነወ

መሬት ምስ ከርነበቶ ምስ ኣርከበ ድነ

ቅልውላው ተላኣኣኺ ጋህዲ ብርሃን ምስ ኮነ

ናይ ኢዱ ምስ ረኸበ እቲ ኣህዛብ ንቑልቁል ዘተፋነነ

ሕጂ ተሰዊጥዎም ውስልትና ልኡኽ ወያነ።

ዓወት ንሓፋሽ

ኣሸናፊ ኣብርሃም( ኣሼ)

8.1.2017 ጀርመን

